## ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብዛዕባ ከባቢታትን ውህደትን

**ስታቲስቲክስ ኖርዌይ** (SSB)፣ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብሽም **ፍሪሽ ማእከል ቁጠባዊ መጽናዕቲ (ፍሪሽሰንተሪት)**፣ ብዛዕባ ከባቢታትን ውህደትን ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ የካይድ ኣሎ፤ ንስኻ/ኺ ድማ ንኽትሳተፍ/ፊ ተመሪጽካ/ኪ ኣለኻ/ኺ። ኣብዚ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ እዚ፣ ብዛዕባ ኣብ ኖርዌይ ምንባር ዘለካ/ኪ ርእይቶታትን ተሞክሮታትን ሓበሬታ ንምእካብ ዓሊምና ኣለና።

### መልስታትካ/ኪ ኣገደስቲ እዮም

ካብዚ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ዝርከብ ውጽኢት፣ ብዛዕባ ውህደት ኣብ ኖርዌይ ዓሚቕ ግንዛበ ክህብ እዩ፤ ከምኡ እውን፣ ንሰብ መዚን ህዝቢን፣ ኣብ ኖርዌይ ምቕማጥ እንታይ ከም ዝመስል ርድኢት ክህብ እዩ። ብዛዕባ ኣብ ኖርዌይ ውህደት ቅኑዕ ስእሊ ምእንታን ክርከብ፣ ብዝተኻኣለ መጠን ኣብዚ ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ ብዙሓት ሰባት ክሳተፉ ኣገዳሲ እዩ።

**ፍሪሽሰንትሪትን SSB (ኤስኤስቢ)ን** ነቲ መረዳእታ ንመጽናዕታዊ መዓላታት ክጥቀምሉ እዮም።

### ብዛዕባ እንታይ ኢኻ/ኺ ክትሕተት/ቲ?

ኣብቲ ናይ መጠይቕ ጽሑፍ ዘለዉ ሕቶታት ተሞክሮታትካ/ኪ፣ ኣጠማምታኻን/ኺን ርእይቶታትካን/ኪን ይሸፍኑ። ነዞም ሕቶታት ልክዕ ወይ ጌጋ ዝበሃል መልሲታት የለን፤ ስለዚ ዝያዳ ዝውከለካ/ኪ ኮይኑ ዝስመዓካ/ኪ መልሲታት ምረጽ/ጺ። እቲ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ንምምላእ ኣስታት 20-25 ደቓይቕ ይወስድ።

### ኸመይ መልሲ ይወሃብ?

ኣብቲ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ክትሳተፍ/ፊ ተመሪጽካ/ኪ እንተኾይንካ/ኪ፣ ብኣልትን (Altinn) ወይ ብፖስታ ደብዳቤ ካባና ክመጻካ/ኪ እዩ። ብተወሳኺ፣ ኣድላዪ እንተኾይኑ ተወሳኺ ሓበሬታ ዝሓዘ SMS/ኢመይል ክንሰደልካ/ኪ ኢና። መልሲ ንምሃብ፣ ኣብ ላዕለዋይ የማናይ ኩርናዕ እዚ ዌብሳይት ዝርከብ ሳጹን ብምጥዋቕ፣ ኣብቲ ንሕና ብኣልትን (Altinn) ወይ ብፖስታ ዝሰደድናልካ/ኪ ደብዳቤ ዘሎ መለለዪ ተጠቃሚ (user ID)ን ናይ ይሕለፍ ቃልን (password) ተጠቒምካ/ኪ እተዉ/ዊ (log in ግበር/ሪ)።

### መን መልሲ ክህብ ኣለዎ?

ንስኻ/ኺ፣ ካብቶም ካብ መዝገብ ብዝሒ-ህዝቢ፣ ካብ 1990 ክሳብ 2023 ኣብ ዘሎ ግዜ ናብ ኖርዌይ ስደተኛታት ኮይኖም ዝመጹ ውልቀ ሰባት ብግምት ዝተመረጹ 15,000 ሰባት፣ ሓደ/ሓንቲ ኢኻ/ኺ። ለውጢታት ንምዕቃን እቲ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ነቲ ናሙና በብግዚኡ ይከታተሎ። ስለዚ፣ ቅድሚ መወዳእታ 2031 ደጊምና ክንረኽበካ/ኪ ንኽእል ኢና። ተሳትፎ ብወለንታ እዩ፤ ይኹን እንበር፣ መልስታትካ/ኪ ብዛዕባ ውህደት ኣብ ኖርዌይ ተኣማኒን ቅኑዕን ውጺኢት ንምርግጋጽ ክሕግዙ እዮም።

**ሓበሬታኻ/ኺ ኣባና ድሕነቱ ዝተሓለወ እዩ።**

- እቲ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብመሰረት መምርሒታት ሓለዋ መረዳእታ ዝካየድ እዩ።
- ብቐጥታ ዝልለ ውልቃዊ ሓበሬታኻ/ኺ SSB (ኤስኤስቢ) ጥራይ ይሕዞ። መረዳእታ ምእካብ ምስተዛዘመ፣ ማርች 1፣ 2025 ከይሓለፈ፤ SSB (ኤስኤስቢ) ብቐጥታ ዝልለ ሓበሬታ ካብ ካሊእ መረዳእታ ፈልዩ ክሕዞ እዩ። ብቐጥታ ዝልለ ሓበሬታ ነቶም ካርዲታት ህያብ ዝተዓወቱ ንምርካብ ጥራሕ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል እዩ። እዚ፣ ካብቲ መጽናዕቲ ኣቋሪጽካ/ኪ ክትወጽእ/ኢ፣ ከምኡ እውን ቅድሚ መወዳእታ 2031 ክንረኽበካ/ኪ የኽእል። ብምድዋል ወይ ኢመይል ብምስዳድ ኣቋሪጽካ/ኪ ክትወጽእ/ኢ ከምኡ እውን መልሲታትካ/ኪ ኣብዚ ግዜ እዚ ንኽድምሰሱ ክትሓትት/ቲ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።
- ፍረሽሰንትሪት ብቐጥታ ዝልለ ውልቃዊ ሓበሬታ ዘይብሉ መረዳእታ ጥራሕ ክቕበል እዩ።
- እቲ መጽናዕቲ 2031 ክዛዘም እዩ። ኣብቲ እዋን እቲ፣ SSB ነቲ ተፈልዩ ዝተቐመጠ ብቐጥታ ዝልለ ሓበሬታ ክድምስሶ እዩ፤ ከምኡ እውን ንኹሉ መረዳእታ እቲ መጽናዕቲ መንነት ዘይገልጽ ክገብሮ እዩ። ካብቲ እዋን እቲ ጀሚሩ፣ እቲ ኣብ ፍረሽሰንትሪት ዘሎ መረዳእታ እውን ምሉእ ብምሉእ መንነት ዘይገልጽ ክኸውን እዩ።
- ነቲ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብዝተኽኣለ መጠን ሓጺር ንምግባር ብዛዕባኻ/ኺ፣ ብዛዕባ ስድራቤትካን/ኪን ትነብረሉ/ርሉ ከባቢን ዝምልከት ሓበሬታ ካብ ህዝባዊ መዝገብ ንጥቀም። ካብቲ ካብ መዝገብ ብዝሒ-ህዝቢ ዝርከብ ከም ዴሞግራፊክስ፣ ርክባት ስድራቤትን ድሕረባይታ ስደተኛን ዝኣመሰለ ሓበሬታ ብተወሳኺ፣ SSB (ኤስኤስቢ) በቢዓመቱ ካብ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኣውራጃታትን ፈንድ ልቓሕ ተምሃሮን ዝእክቦ ንትምህርቲ ዝምልከት ሓበሬታ፤ ካብ ምምሕዳር ግብሪን NAV (ኤንኤቪ)ን ዝርከብ ንስራሕ፣ ኣታዊ፣ ሃብቲ፣ ረብሓታትን ደገፋትን ዝምልከት ሓበሬታ፤ ከምኡ እውን ካብ መዝግብ ምርጫ ምምሕዳራት ዝርከብ ንምርጫን ተሳተፍቲ ምርጫን ዝምልከት ሓበሬታ የጠቓልል።

**ተወሳኺ ሕቶታት ኣለካ/ኪ ዶ?**

ንሕቶኻ/ኺ ዝኸውን መልሲ እንተዘይረኺብካ/ኪ ብቓት፣ ኢመይል ወይ ስልኪ ክትረኽበና/ብና ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ። ሓበሬታ መራኸቢ ኣብ ታሕቲ እዚ ገጽ ረኣይ/ዪ።